# ብርሃን ዓለም ኣብ ዝኾነ ክርስቶስ ቅረብ።

**ንባባት፡** ኢሳያ 8፡23-9፡3፥ መዝ. 26፡1-14፥ 1ቆሮ 1፡10-17፥ ማቴ 4፡12-23።

ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ሓደ ካብቲ ንንእኡ ምስዓብ እንታይ ከምዝኾነ ኽገልጸሎም እንከሎ ዝበሎም ንስኻትኩም ንዓለም ብርሃኑ ኢኹም፥ ክትክወሉ ኣይግብኣኩምን እዩ እናበለ ብኣምሳል ነጊርዎም። ኣብ ኩሉ ግብርኹም ምስክርነኩም ሓቅኹምን ዓላማኹምን ክርአ ክፍለጥ ኣለዎ። ክርስትያን መይቱ ዝብሃል ብርሃኑ ከጥፍእን እንከሎ እዩ። ኣብ ዮሓ 8፡12 ኣነ ንዓለም ብርሃኑ እየ እቲ ዝስዕበኒ ኸአ ብርሃን ሕይወት ክረክብ እምበር ብጸልማት ኣይኪኸይድን እዩ እናበለ ኣብ መንጎናን ኣብ መንግኡን ዘሎ ርክብ ገሊጹልና። ምስ ኢየሱስ ዘይምንባር ኣብ ጸልማት ምንባር ከምዝኾነ ኣብ 1ዮሓ 1፡5-7እታ ኻብ ክርስቶስ ዝሰማዕናያ ንኣኻትኩምውን እንነግራ ዘሎና መልእኽቲ እዚአ እያ። እግዚኣብሔር ብርሃን እዩ ኣብኡ ኸአ ጸልማት ዚብልዎ ኸቶ የልቦን፥ ምስኡ ኅብረት ኣሎና እናበልና ኣብ ጸልማት እንተ ነበርና ንሕሱ ሓቂውን ኣይንገብርን ኢና ዘሎና። ከምቲ ንሱ ኣብ ብሃን ዘሎ ኣብ ብርሃን እንተ ነበርና ግን ንሓድሕድና ኅብረት ኣሎና፥ ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኵሉ ኃጢአት የንጽሓና እዩ፥ እናበለ ናይ ብርሃን ትርጉም ይነግረና።

ኣብ ስርዓት ኣምላኾና መብራህቲ ብዙሕ ትርጉም ኣለዎ። ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ድያቆን መብራህቲ ሒዙ ይዘውር መብራህቲ ፍሉይ ምልክት እዩ፥ ኣብ ዓድና ኣብ ሓዲስ ዓመት ክኣቱ እንከሎ ብርሃን ንሳገር ዓመትና ዓመት ሰላምን ፍቕርን ክኾነልና ብሓዊ ንሰግሮ ናይ ንጹሕ መንፈስ ሒዝካ ዓመት ምእንቲ ክንጅምር። ሓራስ ኣብ 12 ሓዊ መብራህቲ የሳግርአ እዚ እውን ነታ ሓዲስ ሕይወት ዘምጽአት ኣደ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ትኣቱ ስለ ዘላ ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ ናይ ጽንዓት ከምኡ ካብቲ ብርቱዕ ሕርሲ ወጺአ ክትንቀሳቐስን ምስ ኩሉ ክትሕወስ እትኽእለሉ ባይታ ዝፈጥር እዩ። ሕፃን ክጥመቕ እንከሎ መብራህቲ ንህቦ ንዘለዓለም ዘይጠፍእ ናይ ሕይወት መብራህቲ እናበልና ንህቦ እዚ ኸአ ድሕሪ ጥምቀት እንለብሶ ሓቀኛ ሕይወት ከመይ ዝበለ ክኸውን ከምዘለዎ ዝነግር እዩ።

ኣብዚ እዋን ዘመነ ኣስተርእዮ ሓደ ካብቲ ቤተ ክርስትያን ክንኮኖ እትደልየና ኣብ ብርሃን ዓለም ዝኾነ ክርስቶስ ክንቀርብ ምስኡ ክንከውን ትደልየና። ቀንዲ ምኽንያት ናይ እዚኸ ሓቅነት ሕይወትና ብምልኣት ክግለጽ ምእንቲ እዩ። ከምኡ እቲ ጽላሎት ዝኸውለና ዘሎ መታን ክንእስን ክጸብብን ንማለት እዩ። ስለዚ ቤተ ክርስትያን በዚ ግዙፋዊ ብርሃን ጥራሕ ዕጉባት ክንከውን ከምዘይግብኣና ትነግረና። ኣብቲ ሓቀኛ ብርሃን ክንከይድ የድልየና። ብብርሃን ኣምላኽ ክንምራሕ እሞ ኣብ ሓቀኛን ቅኑዕን ጉዕዞ ሕይወት ክንጉዓዝ ይግብኣና። እዚ ዓይነት ሕይወት እዩ ኣብ ክርስቶስ ዘቕርበና።

ኣብ መጽናዕቲ ናይ ጽላሎት ከመይ ኢሉ ከም ዝዓብን ዝንእስን ኣብ Optical Physics ከም ዝግለጽ ሓደ ነገር መጠን ኣብ ብርሃን ዝቐረበሉ እቲ ጽላሎቱ ይንእስ እሞ እቲ ሓቀኛ ነገር ጥራሕ ትርኢ። እንተ ኾነ መጠን ካብ ብርሃን ዝርሓቐሉ ከአ እቲ ጽላሎት እናዓበየ ይከይድ ነቲ ሓቀኛ ነገር ክትለልዮ ኣይትኽእልን። እቲ ጽቡቕ ነገር ንጽላሎትና ክነጥፍኦ ንኽእል ኢና። ክርስቶስ እዩ ኣባና ዝነብር ዘሎ (ገላ 2፡20)። ንሱ ሓጎስ ድሕነትና እዩ።

ኣብ ኢሳያ 8፡23-9፡3 ዘሎ እንተ ኣንበብና ንተስፋና ክብ የብሎ። እዚ ተስፋ እዚ ካብቲ ኣምላኽ ዝገለጾ ብርሃን እዩ ዝመጸና። ናይ ምሕዋይ ወይ ምንጻሕ መልእኽቲ እዩ፥ ካብ ኃይልታት መኳንንቲ ጽልማት ኣብ ቅድም ዘመናት ዝዓመጹና ዝወጻእናሉ የዘኻኽሩና። ኢሳያስ ኣብ 9፡2 ከምዚ እናበለ ኣዊጁ “እቲ ኣብ ጸልማት ዚነብር ሕዝቢ ዓቢይ ብርሃን ርአየ፥ ነቶም ኣብ ጸልማት ምድሪ ሞት ዚነብሩ ድማ ብርሃን ወጻሎም”። ብርሃን እግዚኣብሔር ብርእሱ ዝኾነ ንዘይክኣሉ ዝመስሉ ለውጥታት ኣብ ሕይወትና ክውን ዝገብር እዩ። ግን ንሕና ኣብ ቅድሚ ብርሃን ክነቕርብ ኣሎና። ኣብቲ ብርሃን ሕይወት ዝኾነ ኣምላኽ

ክንቀርብ ናይ ነፍሲ ወከፍና ተበግሶ ዝሓትት እዩ። ነቲ ከቢድና ዘሎ አርዑት ጸልማት ካባና ካብ ሰሩ ይአልዮ ይቕንጥጠልና ኸዑ ብርጉእን ቃንዛ ዘይብሉ ሕይወት ንመርሕ። ብርሃን አምላኽ ክንከዶ ዝግብአና መገዲ እዩ ዝመርሓና፥ እስራኤላውያን ብለይቲ ብዓምደ እሳት ይመርሖም ከምዝነበር ዘፅአት ይነግረና፥ ሎሚ ቤተ ክርስትያን እያ ንብርሃን ክርስቶስ ለቢሳ እትመርሓና ዘላ ስለዚ ብአአ ክንምራሕ ፍቓደኛታት ምኳን የድልየና። ብርሃን አምላኽ ንዘሎና ፍርሕን ጥርጣሬን አልዩ አብ አምላኽ ዘሎና እምነት የዕብየልን ከምኡ አብ ገዛእ ርእስና ዘሎና ተአማንነት እውን የዕብየልና።

ቅ. ጳውሎስ አብ ቀዳመይቲ መልእኽቱ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ (1ቆሮ 1፡10-17) አብ መንግኦም ዝነበረ ፍልልይ ይገልጽ። ነቲ ሕማቕ ጠባዮም ይገንሖም።አብ ከምዚ ፍልልይ ዘውደቖም አብ ትሕቲ ጸልማት ቅድም ዝነበርዎ ይነብሩ ስለ ዝነበሩ እዮም። ጳውሎስ እቲ አብ መንግኦም ዝነበረ ባእስን ፍልልይን ጽቡቕ ምልክት አይ ኮነን፥ እዚ ዘመልክቶ አብ ብርሃን ክርስቶስ ይነብሩ ከምዘይነበሩ እዩ። ነቲ ዝነብርዎ ዝነበሩ ሕይወት ጨሪሹ ይነጽጎን አይቅበሎን። ብርሃን ክርስቶስ ዝጎደሎ ሕይወት አብ ዘይተደለ ፍልልይን ጽልእን እዩ ዝወድቕ። እዚ ሎሚ ዓለምና ገጢምዋ ዘሎ ብዓይንና እንርእዮ እዩ። ሰብ ብሓንሳብ ምንባር ጸጊምዎ ክባላዕን ክቃተልን ንርእዮ አሎና። እዚ ክቕየር አብ ሕልናና አቲና ነፍሲ ወከፍና ብርሃን ክርስቶስ አብ ልብና ክአቱ ነፍቅደሉ።

ቅ. ጳውሎስ አድህቦና አብቲ ቀንዲ ሕመረት ናይ እቲ ጽቡቕ ወረ ክንድህብ ይነግረና። እዚ ኸአ ነቲ ናይ ጸልማት ጽላሎትን ድንቍርናን ክንድርብዮ ይነግረና። ብዙሕ ጊዜ እንብአሶ ወይ አብ ነነድሕድና እንቋየቖ አብ ቍምነገር ዘይብሉ እዚ እዩ ኢልካ ክትሓስቦ ዘይትኽእል እዩ ዘተኮር። አብዚ ዘሎናዮ ሰባት ሳላ ተክኖሎጂ ብቀሊል ክራኸቡ ይክአል አብ ክንዲ አብ ቁምነገርን ሰናይ ነገርን ዘድህቡ ክቋየቑን ክጻረፉን ኢኻ እትርኢ። ፋይስቡ፥ ዩቱብ. . . ዝአመሰሉ መራኸቢ ብዙሃን መደበር ፍልልይን ቆዮቓን ኮይኖም ይርአዩኻ ብፍላይ ንአና ንሓበሻ። አብክንዲ አብ ፍልልይን ጽልእን አብ ምዕባሌን ምትሕግጋዝን እንተ ነብዕሎም ክንደይ ጽቡቕ ምኾነ። ሰብ ቆሮንጦስ ጸገሞም ከምዚናትና ዝአመሰለ እዩ ነሩ። ኩልና ከምዚ ክንገብር እንከሎና ነቲ ሰናይ መልእኽቲ ወንጌልን ሓቂ አጥፊእና ጊዜና ሕይወትና ገንዘብና ብኾንቱ ነጥፍእ። ከምኡ ምስ ኮና ካብ ብርሃን ክርስቶስ ንርሕቕ ሓቅን ጽድቅን ይጠፍአና። ከምዚ ምስኮነ ወላ ሓደ ካብ ማኅበር ክርስቶስ ብርሃን አይቅበልን ከምዝነበሮ ኸአ አይርከብን።

ማቴዎስ ወንጌላዊ አብ 4፡12-23 ኢየሱስ አብ ገሊላ ክምህር ከምዝጀመረን ንቀዳሞት አርባዕተ ሓዋርያቱ ከምዝሓረየ የዘንትወልና። አብዚ እቲ ቅድሚ ዘመናት ብኢሳያስ ነብይ ተነጊሩ ዝነበረ ከም ዝተፈጸመ ይነግረና። ክንዝንግዖ ዘይብልና ማቴዎስ ወንጌል ናብቶም አይሁድ ዝነበሩ እሞ አብ ክርስትና ዝአተዉ እዩ ጽሒፍዎ፥ በዚ ምኽንያት ሓዲስ ኪዳን ናይ ብሉይ ኪዳን ምልአት ከምዝኾነ ምስኡ አተሓሒዙ እዩ ዝነገረና። ዝበዝሐ ካብ ብሉይ ኪዳን ዝጠቕስ ማቴዎስ እዩ። ነዚ ክፍሊ ክሕግዞ ዝጠቐሶ ኢሳያስ 9፡1-2 እዩ። ማቴዎስ ከምቲ ንእኡ ዝጥዕም ገሩ ይጠቕሶ። አብ ገሊላ ዝነበራ ከተማታት ብአሲራውያን ተታሒዘን አብ ሕማቕ ጊዜ እየን ነረን ኢሳያስ ነተን ከተማታት አብ ጸልማት ዝነብራ ዝነበራ ዓቢይ ብርሃን ረአየ ነቶም አብ ጸልማት ምድሪ ሞት ዚነብሩ ድማ ብርሃን ወጸሎም እናበለ ንዝተነበዮ ምስቲ ኢየሱስ ዘምጽኦ ብርሃን አተሓሒዙ ይርእዮ።

ማቴዎስ ኢየሱስ ስብከቱ ከም ሓደ ዝተኾልዐ መብራህቲ ኮይኑ አብ ገሊላን ከባቢአን ከምዝጀመረ ይነግረና። ሓይለ ቃል ክሰብኽ ጀመረ ዝብል በቲ ቀንዲ ትርጉሙ ናይ ሓደ ንጉሥ ስብከት ንህዝቢ ዝነግር እዩ ዘስምዕ፥  እቲ ልኡኽ ንጉሥ ብቀጥታ ካብ ንጉሥ እዩ ዝመጽእ ነቲ መልእኽቲ ባዕሉ ይነግር። ስለዚ ማንም ስብከት አይ ኮነን ኩሉ ክሰምዖን ከተግብሮን ዘለዎ ስብከት ቍምነገር ዘለዎ እዩ። አብ አእምሮ ነፍሲ ወከፍ አትዩ ከም መብራህቲ ኮይኑ ክአምኑን ንሓቂ ክከም ዝሰምዑን ገርዎም።

አብዚ ስብከት ክንብል እንከሎና ነቲ ቀንዲ ኢየሱስ ዝተኸተሎ አገባብን መልክዑን ክንርኢ ይሕግዘና።

1. እቲ ኣዋጂ ወይ መልእኽተኛ ኣብ ድምጹ ርግጽነት ኣለዎ። ብዛዕባ መልእኽቱ ዘጠራጥር የለን። ብይመስለኒ ወይ ከምኡ እዩ ዝኸውን እናበለ ኣይኮነን ዝነግር፥ ንሱ ርጉጽ ዝኾነ መልእኽቲ እዩ ዝመጽእ። ስብከት ናይ ሓቂን ርግጽነት ዘልኦ እዩ፥ ብባዕልና ርግጽ ኣብዘይኮናዮ ብዛዕባ ካልኦት ርግጽ ክክንከውን ኣይንጽበዮን ኢና።
2. እቲ ሰባኻይ ወይ ዝነግር ኣብ ኢዱ ናይ ሥልጣኑ ምስክርነት ዝሓዘ እዩ። ንሱ ኣብ ኪንዲ ንጉሥ እዩ ዝዛረብ ዘሎ፥ ንሱ ሕግታት ንጉሥ፥ ንትእዛዛት ንጉሥን፥ ንውሳኔታት ንጉሥ እዩ ዝገልጽ። ንሱ ገሚቱ፥ ወይ ይመስለኒ እናበለ ኣይኮነን ዝዛረብ። ስብከት ከም ዝተባህለ ናይ ነብያዊ ስልጣን ምልክት ንዘሎናዮ ኩነታት ዝሕብር እዩ።
3. ናይ እቲ ኣዊጂ ምንጪ ኲኖ ርእሱ ካብ ንጉሥ እዩ ዝመጽእ ናይ ባዕሉ ኣይኮነን። ስብከት ካብቲ ኲኖ ሰባኻይ ዘሎ ምንጪ እዩ ዝመጽእ። ስብከት ናይ ሓደ ውልቀ ሰብ ኣገላልጽ ወይ ሓሳባት ኣይኮነን ምንጩ፥ ናይ እግዚኣብሔር ድምጺ ብሓደ ሰብ ንህዝቢ ዝመሓላለፍ እዩ። ኢየሱስ ብድምጺ ኣምላኽ እዩ ንደቂ ሰባት ዝተዛረቦም።

ኢየሱስ ክሰብኽ እንከሎ ትእዛዝ ዝመስል ገሩ እዩ ጀሚርዎ መንግሥተ ሰማያት ቀሪባ እያ እሞ ተነስሑ እናበለ ጀሚርዎ። ካብቲ ሒዝክምዎ ዘሎኹም መገዲ ተመለሱ ኣብ መገዲ ኣምላኽ ተመለሱ እናበለ እዩ ስብከቱ ጀሚሩ። ኣዒንትኹም ካብ ምድሪ ንሰማይ ጠምቱ። ተተሓሒዝክምዎ ዘሎኹም ጉዕዞ ጨሪሽኩም ቀይሩ፥ ካብ ኣምላኽ ካብ ምርሓቕ ደው በሉ እሞ ኣብ ኣምላኽ ገጽኩም ክትጉዓዙ ጀምሩ። እዚ ትእዛዝ እዚ ህጹጽ እዩ ነሩ ምኽንያቱ መንግስተ ኣምላኽ ቀሪባ እያ። ዘለዓለማውነት ንግዜ ወሪርዎ ፥ ማለት እግዚኣብሔር ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣቢሉ ንምድሪ በጺሒዋ እዩ፥ ስለዚ ዝኾነ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ንየማን ዝወስድ ክመርጹ ይግባእ።

ኢየሱስ ስብከቱ ምስጀመረ ቀዳሞት ሓዋርያቱ ነሕዋት ዝነበሩ ጴጥሮስን እንድርያስን ከምኡ ያዕቆብን ዮሓንስ ገፈፍቲ ዓሣ ዝነበሩ ሥርሖም፥ ስድርኦም፥ ኩሉ ዘለዎም፥ ሓዲጎም ክስዕብዎ ጸውዖም። ኣርእስትና ከም ዝብሎ ብርሃኑ ክቕበሉ እሞ ዓደልቲ ብርሃን ክኾኑ ሓርይዎም። ኣምላኽ ክጽውዕ ክሓሪ እንከሎ ሕራይ ኢልካ ምቕባል የድሊ። ሎሚ ንእይ ኢየሱስ እንታይ ኽገብር ይጽውዓኒ ኣሎ ኢልና ንሕሰብ። ብብዙሕ ክጽውዓና ይክእል እዩ። እዞም ቀዳሞት ሓዋርያት ኣቐዲሞም ንኢየሱስ ይፈልጥዎ ወይ እውን ስብከቱ ሰሚዖም ይኾኑ እዮም ምኽንያቱ ቅ. ዮሓንስ ካብኦም ኣርድእቲ ዮሓንስ መጥምቅ ከምዝነበሩ እሞ ኣብ ኢየሱስ ከም ዝሰገሩ ይነግረና (ዮሓ 1፡35-43)።

ግሪኻውያን ሓድ ዝነግርዎ ታሪኽ ኣሎ ጸኖፎን (Xenophon) ዝተባህለ ንሶቅራጥስ መጀመርያ ረኺቢዎ ይብሃል። ሶቅራጠስ ኣብ ጸባብ መገዲ ረኺቦ እሞ ብበትሩ ገሩ ደው ኣበሎ። ቅድሚ ኹሉ ሶቅራጠስ ከምዚ እናበለ ሓተቶ ንሱ እዝን እትን ከበይ ክገዝእ ከምዝኽእል ክነግሮ ከምኡ እዝን እትን ኣበይ ከምዝተሰርሕ ክነግሮ። ጸኖፎን እቲ ዝድለ ሓበረታ ሂቡ፥ ድሕሪኡ ሶቅራጠስ ከምዚ እናበለ ሓተቶ ደቂ ሰብ ኣበይ እዮም ሕያዎትን ሰብ ጸጋን ክኾኑ ዝክእል በሎ። ጸኖፎን ኣይፈልጥን በሎ። ሽዑ ሶቅራጠስ ስዓበኒ እሞ ተመሃር በሎ።

ኢየሱስ ልክዕ ከምኡ እዩ ገሩ ነዞም ገፈፍቲ ዓሣ። ሓዋርያት እንታይ ዓይነት ሰባት ከምዝነበሩ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ፈላጣት ምሁራት ኣይነበሩን፥ ወይ እውን ዓቢ ጽልዋ ኽገብሩ ዝኽእሉ ኣይነበሩን። ወይ እውን ሃብታማት ወይ እውን ኣብ ሕብረተሰብ ዓቢ ተቐባልነትን ተፈላጥነትን ኣይነበሮምን በዚ እዮም ኣብ ግ.ሓ. (2፡5-13) ኣብ መዓልቲ ጰራቅሊጦስ ነቲ ሓዋርያት ዝብልዎ ምስ ሰምዑ ገለ ካብቶም ሰማዕቶም ዝነበሩ ኹሎም ገሊላውያንዶ ኣይኮኑን ከመይ ኢልና ድእ ኩልና በብቛንቋና ኪዛረቡ ንሰምዖም ኣሎና፥ ገሊኦም ከአ እዚኣቶም ጕዑሽ ወይኒ ሰትዮም ሰኺሮም እዮም እናበሉ ብዓይኒ ሰባት ማንም ሰባት ከም ዝነበሩ ነንብብ።

ኢየሱስ ነዞም ከም ማንም ሰብ ዝነበሩ እዩ ሓርዩ። ሓደ እዋን Aeshines ዝተባህለ ሰብ ኣብ ሶቅራጠስ ቀሪቡ ሓንቲ የብለይን ዝህቦ ግን ገዛእ ርእሰይ እህበካ ኣሎኹ ኢልዎ ይብሃል ሶቅራጠስ ትቕብል ኣቢሊ ኣይትርእን እንዲኻ ካብ ኩሉ ዝበለጸ ነገር ሂብካኒ ኢልዎ። ኢየሱስ ዝደልዮ ኩሎም ሰዓብቱ ኩልትናኦም ገዛእ ርእሶም ዝህብዎ እዩ ዝደሊ። ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት ዝደለዮ ኽገብር ይኽእል። ኣባይን ኣባኻትኩምን ብገርህነትን ሓቅን እንተ ቐረብናዮ ብኣና ኣቢሉ ዝኾነ ነገር ኽገብር ይኽእል።

ማቴዎስ እንታይነት ቀዳሞት ሓዋርያት ኽገልጽ እንከሎ ገፋፍቲ ዓሣ እዮም ዝነበሩ ይብል እዚ ኸኣ ፍሉይ ነገር ከመልክት ስለ ዝደለ እዩ። ገፋፍቲ ዓሣ ዝኾኑ ፍሉይ ነገራት ዝውንኑ ክኾኑ ይግባእ።

1. ዕጉሳት ክኾኑ ኣለዎም They must have Petiennce. ዓሣ ነታ መትሓዚ ዝሰንደውዋ ክሳብ ዝነኽሳ ብትዕግስቲ ክጽበዩ ኣለዎም። ትዕግስቲ ዘይብሉ ህዉኽ ሰብ ኣብዝን ኣብትን ዝብል ወላ ሓደ ክሕዝ ኣይክእልን እዩ። ንሰባት ኣብ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ክንቕርቦም ትዕግስቲ ክህልወና ይግባእ። ብዙሕ ጊዜ ኣብ ምስባኽ ወይ ኣብ ምምሃር ቅልጡፍ ውጽኢት ኣይንርእን ኢና፥ ምጽባይ ክንምሃር ኣሎና። ልቢ ሰባት ክንልውጥ ወይ ክሰምዑና ትዕግስቲ ምግባር የድሊ። ብሓጺር እዋን ለውጢ ክንገብር እንተ ፈተና ቀልጢፍና ኢና ተስፋ ክንቆርጽ እንኽእል።
2. ጽኑዓት ሓቦኛታት ክኾኑ ኣለዎም። They must have perseverance. ተስፋ ዘይቖርጽ መገዲ ወይ ተመክሮ ክምሃሩ ኣለዎም። ኩሉ ጊዜ ደጋጊምካ ምፍታን የድሊ። ዓሣ ክትሕዝ ደጋጊምካ ተስፋ ብዘይምቑራጽ ነቲ መትሓዚ ኣብ ባሕሪ ምድርባይ የድሊ። ሰበኽትን መማህራንን ወላ ሓንቲ ፍረ የርኢ የለን ስብከተይ ወይ ትምህርተይ ኣብ ዝብሉሉ ጊዜ ተስፋ ከይቖርጹ ደጋጊሞም ቀጻሊ ክዓዩ ኣለዎም። ኣብ ሓጺር እዋን ፍረ ስርሖም ክርእዩ ክጽበዩ የብሎምን። ኩሉ ጊዜ ደጋጊሞም ክገብሩ ስንድዋት ክኾኑ ኣለዎም።
3. ትብዓት ክህልዎም ኣለዎም They must have courage. ከምቲ ሓደ ሽማግለ ግሪኻዊ ብርቱዕ ማዕበልን ንፋስን ነቲ ዝነበረ ምስሊ ኣምላኽቲ ከፍርሰልን ከዕንዎሉን ንዝርኢ ዝነበረ ዝበሎ ምእንቲ ድሕነት እቶም ኣማልኽቲ ጸልዩ፥ ጃልባይ ንእሽቶይ እያ ባሕሪ ግን ገዚፍ/ዓቢ እዩ። ግን ተባዕ ውሳኔ ወሲዶም ነቲ ብርቱዕ ነውጽን ሃቦብላን ኽገጥሙ ኣለዎም። ተስፋ ምቕራጽ ደው ኢልካ ምርኣይ ዝገደደ ዕንወት እዩ ዘምጽእ ስለዚ ተቢዕካ ምጽዓር ምክልኻል የድሊ ማለት እዩ። ለባማትን ንፉዓት ሰበኽትን መማህራንን ኩሉ ጊዜ ንህዝቢ ሓቂ ክነግሩ እንከለዉ ድንገት ከምዘሎ ክፈልጡ ኣለዎም። ሓቂ ዝነግሩ ኩሉ ጊዜ ሕይወቶምን ግብሮምን ኣብ ኢዶም ሒዞም እዮም ዝጉዓዙ። ነቲ ዝገጥሞም ብርቱዕ ተቓውሞን ፈተናን ክሰዕሩ ብብርቱዕ ክጽዕሩን ክውፈዩን ኣለዎም ኣይኮነ ብቐሊል ተልእኽኦም ክፈሽል እዩ።
4. They must have an eye for the right moment. ነቲ ቅኑዕ እዋን ርእዮም ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ ገለ እዋን ኣሎ ወላ ሓደ ዓሣ ክትሕዘሉ ዘይትኽእል እዋን። መርበብካ ምእስ ከም እትውርዶን ዘይትውርዶን እትፈልጠሉ እዋን ኣሎ። ንፉዓት ሰበኽትን መማህራን ምቹእ ጊዜ ክመርጹ ይግባእ። ጊዜ ክመጽእ እዩ ሰባት ንሓቂ ዝቕበሉሉን ነቲ ሓቂ ብዝያዳ ዘስተብህሉሉን። ጊዜ ክመጽእ እዩ ሓቂ ባዕሉ ከንቀሳቕሶም ከምኡ ሓቂ ኣጽኒዑ ከንቀሳቕሶም እዩ ኣንጻር ሓቂ ንዝኾነ ነገር ክዛረቡ ዝግድዶም ጊዜ ክመጽእ እዩ። ለባማት ሰበኽትን መምህራን እትዛረበሉን ሱቕ እትብለሉን ጊዜ ከምዘሎ ክፈልጡ ይግባእ። ብዙሓት ሰበኽቲ ወንጌል ቅድመ ምድላው ኽገብሩ ይግባእ። ባህልን ጠባይን ሰባት ፈሊጥካ ምኽኣል የድሊ።
5. They must fit the bait to the fish. ነታ ዓሣ ዝበልዓ ማዕረ ምኹላሱ ክትገብራ የድሊ። ሓደ ዓሣ ነታ ሓንቲ ዝተደርበየት ሓንቲ ቁራስ እዩ ዘልዓል እቲ ካልእ ከኣ ነታ ኻልእ እምበር ሓደ ክልተ ብሓደ ክወስድ ኣይክእልን እዩ። ቅ. ጳውሎስ ነቶም ድኹማት መታን ክረብሕ ድማ ምስቶም ድኹማት ድኹም ኮንኩ። ብኹሉ መገዲ ንገሊኦም ምእንቲ ከድሕን ንኹሉ ሰብ ኩሉ ኾንኩ (1 ቆሮ 9፡22) ይብል። ለባማት ሰበኽትን መማህራንን ሓደ ዓይነት ኣቀራርባ ብሓደ

ንዅሉ ከምዘይስዕሩ ወይ ልውጢ ከምዘየምጽኡ ክፈልጡ ይግባእ። ዘለዎም ውሱን ዓቕሚ ክፈልጡን ክለልዩን ይግባእ። አብ ገሊኡ ክበጽሕዎ ወይ ክርድእዎ ዘለዎም አብ ገለ ንሶም ኽገብርዎ ዝኽእሉ ካልኦት ግን ክገብርዎ ዘይክእሉ ከምዘሎ ምፍላጥ የድልዮም። ግራት አምላኽ ገፍሕ እዩ፥

6. They must keep themselves out of sight. ብቐሊል ክርአዩሉ ካብ ዝኽእሉ ክእለዩ ይግባእ። ብቐሊል ከምዝርአዩ እንተ ገበሩ ወይ ጽላሎቶም ብቐሊል እንተ ተራእየ እቲ ዓሣ ነቲ ሰዲዶሞ ዘለዉ መትሓዚ (ባኒ፥ እንጌራ. . ) አይነኽሶን ይሃድም ወይ ይኽወል። ለባማት ሰበኽትን መማህራን ኩሉ ጊዜ ንሰባት ክቐርብዎም ከለዉ ገዛእ ርእሶም ዘይኮነ ንኢየሱስ ክርስቶስ እዮም ከርእይዎም ዘለዎም። ዓላማ ስብከቶም ትምህርቶም አብቲ ዘርእይዎ ወይ ዝብልዎ ሰባት ክርእዩ ዘይኮነ ኩንኡ ከምዝኸዱ ምግባር እዩ፥ አብ ክርስቶስ ከምዝበጽሑ ምግባር። አብ ሰባኺ ወይ ምምህር ወንጌል ዝርአ ክእለቱ ወይ መንፍዓቱ ዘይኮነ አብቲ ዝምህሮ ትምህርቲ ክርስቶስ ዘብጽሕ ክኸውን አለዎ። ሓሓደ ጊዜ ጸገም ሰበኽቲ ወንጌል እዚ እዩ፥ አብ ክርስቶስ አየብጽሑን።

ናይ ኢየሱስ ሓዋርያት አብዚ መንፈስ ዝተጸግዐ ገሩ እዩ ሓርይዎም። ነቲ ንሱ ዝጀመሮ መንፈሳውን ሕልናውን መንፈስ ክብርሁ አተሓሒዙ እዩ ሂብዎም። ንስኹም ብርሃን ዓለም ኢኹም ነቲ ኩሉ አነ ዝነገርኩኹም ንገሩ ስበኹ እናበለ ብርሃን ክኾኑ ልኢኽዎም።

አብ ቅፍራንሆም አብ ከባቢ ዝነበራ ዛብሎንን ናፍታሌን አብ መንጎ ህዝቢ ምስተረኽበ ዓቢይ ናይ ሕይወት ፍልልይ ተራእዩ፥ ልክዕ ከምኡ ሓዋርያ ክርስቶስ ዝተሓወሶ ሕብረተሰብ ወይ ዓዲ ነዚ መንፈስ ዘምጽእ ክኸውን አለዎ።  ኢየሱስ አብ መንግኦም ምንጻሕን ካብ ተታሕዞሞ ዝነበሩ ካብ ጋኔን ምሕዋይን ስለ ዘመጽአ ብርሃኑ አብ መንግኦም ብግሁድ ከምዘሎ ተራእዩ። ንሱ ነቲ አብ ኤር 8፡22 አብ ጊልዓድዶ ፈውሲ የልቦን እዩ ሓኪምከ አቡኡዶ የልቦን እዩ፥  ቁስሊ ሕዝበይ ደአ ስለምንታይ ተሰፊፉ ዘይሓዊ ንዝብል ትንቢት መልሲ ዝህብ ይመስል። ስለዚ ከም ነጸብራቕ ናይ አምላኽ ብርሃን አብ መንጎ ሰባት ምህላውና አውንታዊ ፍልልይ ክህሉ ይግባእ። ነቲ አብ መንጎ ሰባት ዘሎ ጸልማት ክቕንጥጥ አለዎ። እሞ ገለ ፍልልይ ወይ ለውጢ ነምጽእ ዘሎና። ዝኾነ ክርስትያን ብአብነቱ ብትሕትናኡ ኮታስ ብኹሉ ግብሩ ለውጢ ዘየምጽእ እንተ ኾነ ከምቲ ኢየሱስ ጨው መቐረቱ እንተ አጥፍአ እንታይ ይኸውን ዝብሎ እዩ፥ አብ ደገ አብ መገዲ ሰብ ክረግጾ ይድርበ (ማቴ 5፡ 13) ከምኡ ኸአ እዩ ሓደ ክርስትያን ዝኾኖ።

ቤተ ክርስትያን በብእዋኑ እተዘኻኽረና አብ ክርስቶስ ክንቀርብ እቲ ባዕሉ፥ አነ ንዓለም ብርሃኑ እየ እቲ ዚስዕበኒ ኸአ ብርሃን ሕይወት ኪረክብ እዩ እምበር ብጸልማት አይክኸይድን እዩ (ዮሓ 8፡22)። ብርሃን አምላኽ አብዘለዎ አብኡ ጸልማትን ባእስን የጠፍእ። ከምኡ ተስፋ ቍርጸት ፍርሒ፥ ቍጥዓ፥ ስስዐ፥ ክሕደት፥ ሓሶት፥ ምጥፍፋእ አብ ብዓል/ቲ ቤትካ፥ ትምኒት ሥጋዊ ስምዒትን ኩሎም ካልኦት እከይ ነገራት ይጠፍኡ። አብ ኩሉ እቲ ሰናይ ዜና ዘንጸባርቐሉ፥ አብ ጸልማት ዝነብር ህዝቢ ዓቢይ ብርሃን ርአየ። ስለዚ ንክርስቶስ እንተ ተኸተልና አብ ጥቕኡ እንተ ቐረብና  ምስ መዘምር ዳዊት ኮና ብብርሃንካ ብርሃን ክንርኢ ኢና (መዝ. 36፡9) ክንብል ኢና።

ካብ ብርሃን ክርስቶስ ብርሃን ተቐቢልና ብርሃን አሕዋትና ይግበረና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ